# ኣነን ንስኻን !

ብዘይ ዝኾነ ይኹን ናትካ ተሳትፎ ፤ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ናትካ ተራ ይኹን ምርጫ ፤ ናቱ ዝኾንካ ቦታ- ዘርኢ፤ ሕብሪ ቆርበት ክትበልጸኒ ከምዘይትኽእል ፤ ኣነ`ውን ብተመሳሳሊ ምኽንያት ክበልጸካ ከምዘይክእል ምርዳእ ኣዚዩ መባእታዊ `ዩ፤

ንዝብጻሓካ ቦታ - ዘርኢ - ስድራ -ዓለት - እምነት ......... ወዘተረፈ፤ ምፍታው ባህርያዊ`ዩ፤ ብማዕረ`ዚ ኸኣ ንናይ ካለኦት ቦታ - ዘርኢ - ስድራ -ዓለት - እምነት ....... ከተኽብር ኣለካ።

ኣነን ንስኻን መሻርኽቲ ኣብ ዝኾናሉ ሃገር ኣብ ጉቡእ ተማዓሪና፤ ኣብ መሰል ክብ ለጠቅ ንብል ኮና፤ ንሓደና ዝወሃብ ሓለፋ እንተሎ፤ ናይ ጥዕና ምልክት ከም ዘይኮነ ክትነቅሓሉ ዘለና ነገር`ዩ።

ሕማቅ ይኹን ጽቡቅ ይወራረስ`ዩ፤ ይልመድ`ዩ፤ በጃካ`ቲ ትፈልጦ ካልእ ዘየለ ኮይኑ ክስማካ ኣብ ዝኽእል ደረጃ`ውን ይብጻሕ`ዩ። ነጻ ዝተለቁ በጃካ ኣብቲ ዝግዝኡሉ ዝነበሩ ገዛ ኣብ ካልእ ምንባር ምርዳእ ሲኢኖም ንንዳ "ጎይተቶም" ዝተመልሱ ጊላታት ነይሮም`ዮም። ኣብ ሓደ ውሱን ቦታን ግዜን ዝተገፍዑ ህዝቢ፤ ኣብ ካልእ ቦታን ግዜን ንኻልእ ህዝቢ ክጭኩኑ ተራእዮም`ዮም። ከምኡ `ውን ትማሊ ኣብ ሕብረተ ሰቦም （ሃገሮም） ጭቁናት ፡ ዘይታማህሩ ፡ ድኻታት ተባሂሎም ዝፍለጡ ዝነበሩ ፤ ሕሉፍ ሓሊፉ ሎሚ ወሰንቲ ሰላምን ህውከትን ናይቲ ሃገር ዝኾነ ኣለዉ ! ኣብ ምግምጣል ናይ ግዜ ዘይገማጠል ፍትሒ ጥራሕ ስለ ዝኾነ ኣነን ንስኻ ንፍትሒ ክንነብር ንፍትሒ ክንመውት ኣሎና።

ፍትሒ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ ሰብና ዝወራረስ ባህሊ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣሎና፤ ልክዕ ፍትሕን በደልን ንዘልኣለም ክነብሩ`ዮም፤ ተራይን ተራኻን ፍትሒ ዓብላሊ ንኽኸውን ምስራሕ ጥራሕ`ዩ።

ብዝተረፈ ንዘርኢ - ንቦታ ትውልዲ - ዝኣመሰሉ ፍልልያት ብዝኾነ ይኹን መዔቀኒ መባኣሲ ክኾኑ ጡዑይ ኣእምሮ ኣይቅበሎን`ዩ።እንተ`ቲ ቁኑዕ ኢልካ ዝኣመንካሉ ሃይማኖት ወይ ስነ ሓሳብ ንኽትዕ ዝኾውን ጎልጎል`ኳ እንተለዎ ፤ንምሽቱ ንዓኻ ጥራሕ ዝምልከት ኮይኑ ፤ ክሳብ`ቲ ኣነ ንኽሰምዓካ ድሉው ዝኾንኩ ከተእምን ምፍታን መሰልካ`ዩ ፤ ከተገድደኒ ግና ኣይትኽእልን ኢኻ ። ምኽንያቱ ይትረፍ ንስኻ እቲ ሂወተይን ሞተይን ኣብ ኢዱ ዝኾነ ፤ ጽባሕ ከኣ ዝፈርደኒ ፈጣሪ`ውን ንኽምእዘዞን ንኽይምእዘዞን ንምርጫይ ገድፉዎ`ዩ።

ደቂ ሰብ ንሕራይ ወይ እምቢ ምባል ዝተፈጠርና ካብ እንስሳን መላእኽትን ዝተፈለና ኢና። ነቲ ብፈጣሪ ዝተዋህበና ነጻነት ከኣ ኣጠቃቅማ ከነጸብቀሉ ይግባእ። ከነገድድን ክንግደድን የብልናን። እቲ ምስ ተፎጥሮና ዝቋዶ ጠባይ ከኣ ብናጽነትናን ብነጻነት ደቂ ሰብን ምእማን`ዩ።

ምስ ክህልወና ዝኽእል ናይ ሃይማኖት ናይ ስነ ሓሳብ ናይ ሕብሪ ቆርበት ናይ ድሕረ ባይታ ፍልልይ፡-

- ጸሓይ ንዓይን ንዓኻን እትበርቀልና ፤ ሓቢርና እንጽለዋ ምኳና
- ዝዘንብን ዝፍልፍልን ማይ ንዓይን ንዓኻን ከም ዘርውየና
- ምንቅጥቃጥ መሬትና ንዓይን ንዓኻን ከም ዘሰንብደናን ዝሃስየናን
- ከባቢና ንዓኻን ንዓይን ብኣወንታን ኣሉታን ብማዕረ ከምዝጸልወና
- ኣንበጣ ንግራተይን ግራትካን ከም ዘንጽፍ
- ተዓማመጹ ዝብል ሃይማኖት ይኹን ጥዕና ዘለዎ ኣእምሮ ከምዘየለ ...... ትፈልጥ`ዶ ？!

ምስ ነዚ ምፍላጥ ዝሕፈስ ፡-

- ርግኣት ክስማዓካ`ዩ
- ምስ ኣዕሩኽትኻ ፤ ጎረባብትኻ፤ ኮታ ምስ ኩሉ ሰብ ብስኒት ክትነብር ኢኻ
- ሃገርካ ክትሓቅፈካ`ያ

ምስ ነዚ ዘይምፍላጥ ከኣ፡-

- ነፍስኻ - ገዛኻ - ሃገርካ - ዓለምካ ክሓቅፋኻ ኣይኮናን
- ሃይማኖትካ ፡ ኣውራጃኻ ፡ ስነ ሓሳብካ ፡ ዓሌትካ መወዳደርን መጃሃርን ገርካ ምርኣይካ ከይኣክል ከም ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ኮይኑ ክስመዓካ`ዩ።

ሹዑ ！ግዳይ ናይ`ቶም ነዚ ተረድኣኻ`ዚ፤ ነዚ ዕሽነትካ`ዚ መዝሚዞም ዘናቁቱኻ ክትከውን ኢኻ ！！ ።

AAHafiz 15/10/2020